# ሊህቃን ኣምሓራ: ኹራዝ መብራህቲ ደቂ ሕድርትና!

# (1 ካብ 3 ኽፋል)

ኣብ ጎቦ ሰብ ዘይድይቦ ፀልማት ለይቲ ብልጭ ህልም ዝብል እሞ ገፅካ ዘወር ኣቢልካእንትትም ለስ እዙይ ብልጭ  ህልም ዝብል ሓዊ ተፋሒኹ ኣብ ካሊእ እንትውላዕእንትዋይ ዘዓብደ ሰብ ምስ ኣራዊት ይነብር ትብል: ለካስ ሰብ ዘይኮነስ ደቂ ሕድርትና  እየን ስርሄን ዝምንና ኢሎም ዓቢቲ ይነጉርና::

ፈላጣት ግና ኸምዑ ኣይኮን ይብሉ: እዚ ሓዊ ናይ ሓቂ እንተይኮነስ ናይምዕሻው ሓዊመስ-መስ ዝብል ተፈጥራዊ ብርቕሪቅ እዩ ይብሉ:  እሞ ናይ ኣምሓራ ሊህቃን ከምዙይ ብርቕሪቕ ሓዊ ሕዚ ኸም ተረኦም ክሕሱውዘወር እንተይበልካ ፈንተት ኢሎም ትሪኦም ኽምሕሉ እንት ጥሕሉ::

ወለጋ፣ ወሎ፣ ራያ፣ ወልቃይት፣ ፀገዴ፣ ሊሞሊሞ፣ ጎጃም፣ ሸዋ፣ ሃረር፣ መተከል፣ቤንሻንጉል፣ ኾታስ ፀውዕ ዝኾነ ሃገር እንታይ የሕፍሮም ናህና እዩ ማለት: ዝብእስያ  ኣብዘይፈልጥዎ ዓዲ ኸይዱ ቆርበት ኣንፀፉለይ በለ።

ሊሕቃን  ኣምሓሩ ብዘይካ እብ ንዑሽተይ ቁሸት ኣንኮበር ትባሃል ንሳውን ሕንቂልሕንቂሊተይ ከይትኸውን የፍርሕ እንካንዶ ወሎ ኸምኡውን እተን ካልኦት ዓዲኣቦና ኽብሉ ኽሽምዑ እንተ ለው  እንታይሞ ይግበር እንታይሞ! ካብያ ጣፍ ዝሃቦ ኣፍ ዝሃቦ ይብሉ ኣቦታት::

ኸምዚ ብልጭልጭ ዝብል ደቂ ሕድርትና ሓዊ ዝመስል ብነዳድ መሬት ዘድዊዘይሃለወ ኣለኹ ዘይኣንደደ ዘንድድ ኣምሓሩ ኣብኹሉ መሬት እንዳማቱ ኣለኹእናበለ ዝዕንድር ገባቲ ጎንደራ ኾይኑ ይነብር።

በትረ ሥልጣን ሳላ ፀዓዱ ዓለምለኻውያን ረጊፆም ሒዞም ምስፍሕፋሕ  ምስጀመሩኹሉ ዝረ ኣይዎ ልሙዕ መሬት ተቆፁሮም ንጥቅሚ ነብሶም ዝሸጡ ምስለንዬታትወኪሎም ሃገር ስለተ መሓዳደረት ኣምሓራ  ወይም ዓዲ  ኣምሓራ ኾይና ማለትኣይኾነን።

እዙይ ሓቂ ጠፊኡ ማለት ኣይኾነን:  ካልኦት ሊሂቃን እዙ ዝፈልጡ ቅድም  ኢሉ ጠፊኦም ኣይነ በሩን ማለት ኣይኾነን: ብርግፂ ጊዜ እናነውሐ እትኸይድ እቶም ፈላጣት እናጠፍኡ እቲ ሓቂ ኸምኡ  እናሃሰሰን እናጠፍኤን ይኸይድ ነይሩ እነሆ አብዚቀውጢ እዋን ተደሪኽና ንነብር ንርንርከብ::

እቶም ዝፈልጡ ሊሂቃን መፅሓፍ ሰንዱልና ዝፃሓፍናዬ ዓለም የንብቦ ኸይብሉመሓውር ናይ መንግሥቲ ተቓፃፂሮም ኣምሓሩ ኸምዘይፈቅዱ እናፈለጡንዘይኸውን ነገር ኣፎም ምኽፋት ሓደጋ እምበር ትርፊ ዘይብሉ ኸምዝኾነብምርዳዕ ኣፎም ዓፂዬም ፍልጠቶም ኣብ ርእሶም ተተርኢሶም ዓለም ይሰናበቱ።ኣርባዒተ ነጢቢ!/full-stop!

እዙይእዩ ንሸውዓተ ምኢቲ (700) ዓመት ዝኾነ ኣብ ኢትዮጵያዘመነ ዕግርግር ታህዋኽ ምዕባለ ኣልቦ ትርፊ ደም ምፍሳስ ኣኽሱም በል ኣገውሥልጣኔ ኣብ ክንዲ ምኽታል: ካብ 1275 ይኹኖ ኣምላኽ ካብ ቑሸት ኣንኮበር ተወሰኑ'ኢሊት' ኣምሓራ: እግርግርን መከራን የውርድ ጀመረ::

ኣብዛ ፅሕፍቲ ካብ 1700..1974 እንተትኩር ኣዚ እዋን መረሕቲ ዓዲ ዝነበሩ ወይኦሮሞ ወይ ፍርቂ ጎኖም ኦሮሞ ዝውሓዱ ኻዓ ኣገው ሠለኽተ ተጋሩ እምበርኣምሓራይ ዝበሃል መራሒ ኣይነበረን:: ገዛእቲ ነይርና እናበሉ ዝፍኩሩሕንቅልሕንቅሊተይ እዩ::

እንድሕር መራሕቲ ኣምሓሩ ዘይነበሩ እቶም ናይ ካሊእ ወገን ብዘይ ናቶም ዘይኮነህዝቢ ኣሜን ኢሉ ዝኽተል ሠራዊት ኣጥርዮም ጡር ተዋጊኦም ኣሸኒፎም ዓዲኽቖፃፀሩ ኣይምኻእሉን ነይሮም: ስለዙይ መብዛሕቱ ወሎ ወለጋ ሸዋ ጎጃምቤገምድር መተከል ቤንሻንጉል ጉምዝ ዓዲ ኦሮሞ ኣገው ቅማንት ሸናሻ ፈላሻ ዓፋርእዩ/ነይሩውን::

ነዙይ መርትዖ ንጀምር ንግሥት መነን ሊበን ኣመዴ ንንጉሥ ኣሉላ ዓሊ ተመርዒየን ራእሲ ዓሊ ኻልኣይወሊደን: ንራእሲ ዓሊ ኻልኣይ ኣባ ሰሩ ጓንጉል ዘቢሀረ የጁ ኣቦ ሓጉኡ ነይሮም: 1778 ዓም ሞይቶም::

ኣባ ሰሩ ጓንጉል ዘቢሀረ የጁ ኸዓ ካብ ኣባ ጌትየ ወልደ ወለዶም ካብ ሸኽ ኡምርእንትኸውን: ንወይዘሮ ገሊቡ ተመርዕዮም ነይርም: ወይዘሮ ገሊቡ ጓል ራእሲ ፋሪስዘብሄረ ላስታ ነረን::

ኣባ ሰሩ ጓንጉል ቡዙሕት ውላድ ነይሩሞም: ነኣብነት ደጃዝማች ወሌ ደጃዝማችኮርሚን ወይዘሮ ኣስቴር : ካብ ወ/ሮ ገሊቡ ኸዓ ራእሲ ዓሊ ቀዳማይ ራእሲ ኣሊጋወይዘሮ ከፈይ::

ብ 1819 ራስ ዓሊ ኣሉላ ተወሊዱ ኣቡኡ ራእሲ ኣሉላ ዘብሀረ የጁ ኦሮሞ እትኾኑራእሲ ዓሊ ቆልዓ እንተለው እዮም ሞይቶም።

ድሕሪ ሞት ራስ ኣሉላ መንበረ ሥልጣን የጁ ብራእሲ ይማም ኣኮ ራእሲ ዓሊ ዳግማይእንትኾኑ ብታሕሳስ 1825 ንኃይለማራም ገብሬ እብ ዋልድባ ኪናት ሳዓሩ። ድሕሪእቲ ኪናት ሹምሸር ኣካይዶም ንጉሥ ባእደ ማርያም ኣውሪዶም ን ጊጋር ንጉሥገይሮም እንትሸሙ: ዳሓር ነገር

ሽፍታ ውቤ ሃይለማርያም ምስ ራእሲ ይማም ሸሪኹንጎሹ ቡሩን ማሩ ኣብ ውግእ ኮሶበር ብ 1827 ገጢሞም ማሩ እንትቅተል ጎሹ ንጎጃም ሓዲሙ ነብሱ ኣድሓነ:

ብ1828 ይማም እንትሞውት እንዳየሱስ እትቅበር ድሕሪኡ ዶሪን ማርየን ንስልጣንተናሓናሕ ቲ በጌምድር ምስ ስባጋድስ ኣብ ማይ ኢስላም እንትዋግዑ ውቤተሓዊስዎም ነይሩ: ምንም እ ኳ ዓል ስባጋድስ ወይዘሮ ድንቅነሽ ይመርዐው ከምኡእውን ደጃት ስባጋድስ ንውቤ ጋል ኣቡኡ ፣ የውብዳር ተመርዒዩ የሺመቤት ይውለድ:

ብጡልን ምርሶን የውብዳር ብመጥቃዕቲ ውቤ ዓዶም ሓዲጎም ናብ ትግራይሃዲሞም ዕቁባ ስባጋድስ ረኺቦም እትቅመጡ ድሕሪ ስባጋድስ ንማርየን ዶሪምስኣሸነፈ መርሶ ብድጋፍ ስባጋ ድስ ሹም ቤጌምድር ኾይኑ ተሸመ:
ምንም ዳኣ ማርየ ይቀተል እምበር ውቤን ዶሪን ኣብ ኻልኣይ ዙር ጦር ኽፊቶምደጃት ስባጋድ ስ ተታሒዞም እንትስቀሉ ወዶም ሓጎስ ኣብ ጦር መዳ እንተዋደቐእንተሎ ተሰዊኡ።

ትግራይ ኣብ ኢድ ውቤ ወዲቓ መጥቃዕቲ ዝርፍያን በፂሕዋ። እዚ ኹሉ ዝኸውንዝነበረ ኢትዩ ጵያ ማለት ኣብ ኢድ ይመር ማርየ ዶሪ ኣልየት ኦሮሞ ምንባራ ንኸረጋግፅእየ

ዋላ እኳ ሂርት ጉግሳ ስብኣያ ሃይለማርያም ገብሬ ይንበር ንሳ ሓፍቲ ይመር ዶሪማርየን ኦሮ ሞ እያ ስለዙይ ደቃ መርሶ ቡጡል የውብዳር እውን ፍርቂ ጎኖም ኦሮሞእዮም።
ብ1831 መነን ኣመዴ ወዳ ራእሲ ዓሊ ኻልኣይ ወዲ 12 ዓመት ስለዝነበረ ንሳ እንደራሴተሸይ ማ ተመሓዳድር ነበረት።

ግንኸ? እመቤት መነን ኣመዴ ዓብላሊትን ገባቲትን ስለዝነበረት ወልዴ ተኽሌምስለኔን ዘመ ድን ራእሲ ኽንፉ ንሶም ምስሞቱ ቾንቲ በር ብ1839 ገጢማምስኣሸነፈቶ ጎጃም ተቓፃፀረቶ።

ብ1840 ከኣ ን ንጉሥ ሳህለድንግል ኣውሪዳ ስብኣያ ዮሃንስ (ሳልሳይ) ንጉሥ ኢላሸሞቶም።

ዮሃንስ ኣምሓራይ ስለዝነበሩ ወዲ ድሙ ኣይገድፍ ግብረ ዕሙ ኽምዝበሃል ኣብክንዲ ወዲ ሰ በይቶም ራእሲ ዓሊ ሹም በጌምድር ዝገብሩ ንውቤ ሓረዩ: በዚግብሮም ዝኾረየት መነንን ወ ዳን ተዋዲዶም ዮሃንስ ነፂጎም ሰህለድንግል ንጉሥገበሩ።

በዙይ ዝመፀ ምፍሕፋሕ: ውቤ ምስ ቡሩ ጎሹ ዓሊ ምስ ወዲ ሓው ኣቡኡ ቡሩኣሊጋዝን መርሶ (ፍርቂ ሓው ውቤ) ተዋዲዶም ጥሪ 7 1847 ተዋጊኦም ዓሊ ኣሸነፉ።
ግና ኸ ዓሊ ዳኣ የሸንፍ እምበር ኦሮሞን ኣስላማይን ብምንባሩ ነቲ ዝሸሞ ንጉሥሳህለሥላስሴ እታ ኦርተዶክስ ቤተ ክርስትያን ንኽትቅበሎ ፍቃደንኛ ኣይነበረትን።

ስለዝኾነ ራእሲ ዓሊ ኣብ ሚተራ ጥቃ ጣና ዝርከብ ቁም እስር ዝነበረ ገብረክርስቶስኣፍቲሑ ንጉሥ ክኸውን ገበረ:: ኾይኑ ግን ናይዕድል ኾይኑ ምስተሾመ እብ ሰለስተ ወርሑ ገብረክርስቶስ ሞተ።

ነገሥታት ኢትዮጵያ ናይ ጦር ኣዘዝቲ ብይን መፃወቲ ይመስሉ ነይሮም:
እቶም ጦር ኣዘዝቲ ኸምድላዮም የሽከርክርዎም ነይሮም እንትፈትው የድይብዎምእንትፀልኡ የውርድዎም።

ብ1846 ካሳ ሃይሉ ናይ ብሓቂ ሹሙ ግና ካሳ ወልደገርጊስ ንመነን ሊበን ኣብ ኲናትደንብያ ኸሸንፋ እንቶሎ ንኻልይ ጊዜ ኻዓ ወዳ ራእሲ ዓሊ ኣብዘይነበረሉ እዋንብምኽንያት ንጎጃም ምስ ራእሲ ብሩ ጎሹ ኸይዱ እንተሎ ኽዋጋእ ካሳ ወልደገርጊስብ18 ሰነ 1864 ኣሸኒፍዋ: መነን ን ንጉሥ የሃንስን ተማሪኾም እንትእስሩ ድሕሪሰለሥተ ወርሒ ካሣ ምስ ራእሲ ዓሊ ዘተ ዕር ቂን ኣካይዱ መነንን ንጉሥ ዮሃንስንኽፍትሑ ራእሲ ዓሊ ንካሣ ሙሉዕ መዓርግ ደጃዝማችነት ምስ ግዝኣት ደንብያንካሣ ኸርክብ ተስማምዑ::

ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ስምምዕነት ግና እቲ ዝምድናን ዕርቅን ሓርፊፍ ዋላ እካ እንተነበረ ጓል ራእሲ ዓሊ ተዋበች ተመርዕዩ ዝንበረ ካሳ ወልደገርጊስ ሰነ 29 1853 ካሣ ንራእሲ ዓሊ ኸም ዘይላዓል ደምሽቁ ኣሸኒፍዎ: ብ ዛንታ ን ኣዳል ገፅ ሃዲሙ ደኣይበሃል እምበር ብድሕሪ ኡ ኣበይ ኸምዝኣተወ እንታይ ይውሓጦ ዝፍለጥ ነገር የለንካብ ታሪኽ ገፅ ጠፊኡ።

ቀፂሉ ብ1855 ካሥ ንውቤ ዓጠቕጠቕ ኣቢሉ ምስ ሰዓሮ ንሱን ወድን ኣብ እስርቤትኽሳዕ ዝሞቱ ኣበስቢስዎም። ዋላካ ሰበይቲ ካሳ ወልደገርጊስ ጥሩወርቅ ጋል ውቤትንበር እምበር ምሕረት ኣይገበረሉን ኸም ራእሲ ዓሊ ጓሉ ተዋበች ዓሊ ኣቦኣ ካብበትሪ ካሣ ኣይኣምለጦን።

ቀፂሉ ካሳ ወልደገርጊስ ሠራዊት ኋይለመለኮት (ናይ ሃፄ ሚንልክ ኣቦ) ስዒሩ ምንሊክማሪኹ ቁምእስር እንትገብሮ ማንም ዘፍርሖ ሓይሊ ኣብ ጎጃም ሸዋ ወሎ በጌምድርስለዘይቁረየ "ሃፀ ይ ቴድሮስ ንጉሠ ነገሥት ዘኢትየጵያ" ኢሉ ኣብ ቤቴ ክርስትያስተስየመ።

ኣቦ ካሳ ኣይተ ወልደገርግስ ኽበሃሉ እንኡ ከኣ ወይዘሮ ኣትጠገብ ወንድወስን ይበሃላ: ቅድም ኢለን እንዳ ደጃት ሃይሉ ሰራሒት ፀብሒ እንትነብራ ዳሓር ኮሶ ሸያጢትኾይነን ካሣ ኣዕብየኖኦ::

ካሳ ኻልአይቲ ሰበይቱ ጥሩወርቅ ውቤ ካብ ወይዘሮ ኸፈይ ወልደሥላሴ ንጉስትግራይ እንትኾ ና ካብ ካሳ (ሃፀይ ቴድሮስ) ኣለምዮህ ወሊደን።

ቴድሮስ ምስሞተ ጥሩወርቅን ወዳን ብጀነራል ናፔር ተማሪኾም ን እንግሊዝእንትጋዓዙ ጥሩ ወርቅ ኣብ መንገዲ ሓሚመን እንትሞታ ካብ ምዕዋእዕ መሊሶምንትግራይ እንዳ ኣባሕጎአን ንጉሥ ወልደስላሴ ጨለቆት እንደርታ ተቀቢረን።

ቴድሮስ ትግራዋይ ምንባሩ ዘማላኽት ናይ ቤጌምድር ሸዋ ጎጃም መረሕትን ንጉሥታትን እን ትድምስስ ንትግርይ ገፁ ቆላሕ እይበለን እኻዳኣ ጉግሳን ማሩን ካሳ መርጨካብ ትግራይ ንቤ ጌምድር ድግስ ተዓዲሞም ቴድሮስ ንጉግሣ ደጅዝማች ንማሩፈተውራሪ ን ካሳ መርጨ ኻዐ ባላምባራስ መዓርግ ሸይሙ ንትግራይ ብሰላምኸመሓድሩ ስንይዎም።

**በላይ ኣምበላይ**